# ተቐባልነት ዲፕሎም ካልእ ዓዲ

**ኣብ ስዊዘርላንድ ሓደ ትምህርቲ ሙያ ወይ ቀጻሊ ትምህርቲ ክትገብሩ እንተ ደሊኹም ወይ ድማ ቦታ ስራሕ ክትረኽቡ እንተ ደለኹም፣ ኣብ ናይ ስራሕ ዓለም ትኽክለኛ ዝኾነ ምደባ ክትረኽቡ የድልየኩም እዩ። ነቲ ኣብ መበቆል ዓድኹም ዝረኸብኩሞ ዲፕሎምን መፈጸምታ ትምህርትን ምስ እቲ ኣብ ስዊዘርላንድ ነዚ ዝገብር ትጽቢት ዝነጻጸር ክኸውን ኣለዎ።**

ኣብ መበቆል ዓድኹም ትምህርቲ ወዲእኩም'ዶ ከምኡ ድማ ዲፕሎም፣ ነይ መፈጸምታ ምስክር ወረቐት ወይ ሰርቲፊኬት፣ ሓደ መረጋገጺ ወይ ትራንስክሪፕት ዝረከብኩሞ ኣሎ'ዶ? ነዚ ዲፕሎምኩም ከተመርምርዎ ትኽእሉ ኢኹም፣ ብኸምኡ ድማ እቲ ዲፕሎምኩም ኣብ ስዊዘርላንድ ኣየናይ „ደረጃ" ከም ዘለዎ ክትፈልጡ ትኽእሉ ኢኹም።

በዚ ድማ እቶም ኣስራሕቲ ንሓደ ናይ ስራሕ ዓይነት ብቕዓት ከም ዘለኩም ብዝሓሸ መገዲ ክግምቱ ይኽእሉ እዮም: ሓደ ከምዚ ዓይነት መረጋገጺ ስራሕ ንምርካብ ናይ ግድን ውሕስና ዝህብ ኣይኮነን፣ እንተኾነ ግን ኣብቲ ናይ ስራሕ ዓለም ዘለኩም ዕድል ልዕል ክብል ይኽእል እዩ። ከምኡ ድማ እተን ናይ ትምህርቲ ኢንስቲቱታት ንሓደ ትምህርቲ ሙያ ይኹን ቀጻሊ ትምህርቲ ንኽትመሃሩ ብቕዓት ከም ዘለኩም ክርእዩ ይኽእሉ እዮም። ምናልባሽ እውን ብሓደ መዳይ ተወሳኺ ትምህርቲ ተማሂርኩም ሓደ ናይ ፌደራላዊ መፈጸምታ ክትረኽቡ ትኽእሉሉ መገዲ ክፍጠር ይኽእል ይኸውን።

ኣብ ስዊዘርላንድ – ከከም ናይ ትምህርቲ መዳያት – ነቲ ብትምህርቲ፣ ብሙያ ከምኡውን ብዓውደ ትምህርቲ ዘለኩም ደረጃ ከተረጋግጹሉ፣ ዲፕሎምኩም ተቐባልነት ንኽረክብ ዝከኣለሉ፣ ዝተፈላለያ ቦታታት እየን ዘለዋ። እዘን ኣብ ታሕቲ ተዘርዚረን ዘለዋ መርበብ ሓበሬታት ብቛንቋታት ጀርመንኛ፣ ፈረንሳይኛን ጥልያንን፣ ሳሕቲ ድማ ብእንግሊዝኛ ሓበሬታ ይህባ እየን።

## ዲፕሎም ዩኒ ስቲ

ሓላፍነት ዘለዎ ናይ ስዊዘርላንድ ዩኒቨርስታት ኮንፈረንስ ሬክቶራት እዩ:
https://www.swissuniversities.ch/de/services/anerkennungswiss-enic
እቲ ማትሪክኩም፣ ትራንስክሪፕትኹም፣ ማትሪክ ሙያኹም ናይ ሙያ ትርንስክሪፕትኹም ናብ ሓደ ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ ከም መእተዊ ኮይኑ ተቐባልነት ንኽረክብ፣ ዝውስና እተን ዩኒቨርስታት እየን።

## ዲፕሎም ትምህርቲ ሙያን ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ ሙያን

ንመዳይ ትምህርቲ ሙያ (ማሕበራዊ መዳይ፣ ኢንዱስትሪ፣ ኢደ ጥበብ፣ ሸቐጥ፣ ንግዳዊ መዳይ፣ መዳይ ምቕባል ኣጋይሽ፣ ቁጠባ ቤት፣ ትካል ወሃብቲ ኣገልግሎት ወ.ዘ.ተ.) ሓላፍነት ዘለዎ ሃገራዊ ሰክሬተሪ ትምህርቲ፣ መጽናዕትን ፈጠራን SBFI እዩ:
www.sbfi.admin.ch > Themen > Anerkennung ausländischer Diplome ኣብኡ ሊስታ ናይ እተን ንዝተፈላለያ ጨናፍር ተቐባልነት ንዝምልከት ኣርእስቲ ሓላፍነት ዘለወን ኢንስቲቱታት ተዘርዚሩ ኣሎ። እዚኣተን ምናዳ ነተን ዲፕሎማት ብመዳያት ቴክኒክን ቴክኒክ ኢንፎርሜሽንን፣ ኣርኪተክቸር፣ ጥበብ ምህናጽን ምውጻእ መደብን፣ ኬሚስትሪን ሳይንስ ህይወትን፣ ሕርሻን ክንክን ዱርን፣ ቁጠባን ወሃቢ ኣገልግሎትን፣ ዲዛይን፣ ማሕበራዊ ስራሕ፣ ሙዚቃ፣ ቲያትርን ካልኦት ስነ ጥበብን ከምኡውን ተግባራዊ ቛንቋታት ዝምልከት እዩ።

### ተቐባልነት ንምርካብ መምዘኒ:

- ዝተመሃርኩሞ ትምህርቲ (ነቲ ግቡእ እዋን ትምህርቲ ወሲኹ) ከምቲ ንዕኡ ዝመሳሰል ትምህርቲ ኣብ ስዊዘርላንድ ማዕረ ዝኾነ እዋን ዝወሰደሉ ክኸውን ኣለዎ።
- እቲ ትምህርትኹም ኣብ ጎኒ እቲ ክልሰ ሓሳባዊ ኣስተምህሮ ተግባራዊ ተሞክሮ ዝጸንበረ ክኸውን ኣለዎ።
- እቲ ትምህርትኹም ብሓደ ብመንግስቲ ተቐባልነት ብዘለዎ ፈተና ዝተፈጸመ ክኸውን ኣለዎ።
- እቲ ትምህርትኹም ኣብ ስዊዘርላንድ እውን ዘሎ ክኸውን ኣለዎ፣ ከምኡ ድማ እዚ ሙያ ብሕጊ ሙያዊ ትምህርቲ ዝተሰርዔ ክኸውን ኣለዎ።
- እስኹም ድማ ኣብ ስዊዘርላንድ ሓደ ፍሉጥ ዝኾነ ደረጃ ቛንቋ (GER: B2 bis C2) ከም ዝጨበጥኩም መረጋገጺ ከተቕርቡ ኣለኩም።

### EU/EFTA

ስዊዘርላንድን ሃገራት EU/EFTA ነተን ብሃገራዊ ደረጃ ዝተሰርዓ ሙያታት ናይ ነንሕድሕደን ዲፕሎማት ይቕበላ እየን። እቲ SBFI ብዛዕባ ኣብ እዋን ተቐባልነት ንኸርከብ ዘሎ ስጉምታትን ዝምልከተን ቤት ጽሕፈታትን ይሕብር እዩ።

## ዝተሰርዓ ሙያታት

ኣብ ስዊዘርላንድ ዝተፈላለያ ሙያታት ዝተሰርዓ እየን። እዚ ማለት ድማ ነዘን ሙያታት ንምስራሕ ዕላዊ ዝኾነ ተቐባልነት ክህሉ ኣለዎ ማለት እዩ። ከም ምሳለ እንተ ተጠቐሰ ንመዳያት ጥዕና፣ መዳያት ትምህርቲ፣ ማሕበራዊ ስራሓትን ንሕጊ ዝምልከት ስራሕን ዝምልከታ ሙያታት። ንምሳለ፡ ናይ ህንጻ ኢንጂኔር፣ ናይ ገኦማቲክ ኢንጂኔርነት፣ ጠበቓነት፣ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ፣ መምህር፣ ሓገዝቲ ጸያፋት፣ ሓኻይም፣ ሓኻይም ኣስናን፣ ሓኻይም እንስሳ፣ ፋርማሲስትን ካልኦትን።

### ዝምልከተን ኣካላት፡

**ጥዕናዊ ጨንፈር፡**

ዩኒቨርስታዊ ዘይኮና ሙያታት (ንምሳለ ነርስነት፣ ፊዚዮቴራፒ፣ ኣማኸርቲ ኣመጋግባ)፡ ቀይሕ መስቀል ስዊዘርላንድ www.redcross.ch
ዩኒቨርስታዊ ናይ ጥዕና ሙያታት (ንምሳለ ሓኪም፣ ሓኪም ስኒ፣ ሓኪም እንስሳ፣ ፋርማሲስት)፡ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ጥዕና BAG www.bag.admin.ch
ስነ ኣእምሮ፡ ኮሚሽን ሙያ ስነ ኣእምሮኣዊ psyko@bag.admin.ch
ስነ ኣዕጽምቲ፡ ኮንፈረንስ ካንቶናዊ ምምሕዳር ጥዕና www.gdk-cds.ch

**ትምህርታዊ ጨንፈር፡**

መምሃራን፣ ናይ ቤት ትምህርቲ ጥዕናዊ ፔዳጎጊ፣ ሰብ ሙያ ሓገዝቲ ጸያፋት፣ ሰብ ሙያ ሳይኮ ሞቶሪክ ቴራፒ፡ ናይ ስዊዘርላንድ ኮንፈረንስ ካንቶናዊያን ምምሕዳር ኣተዓባብያ EDK www.edk.ch
ትምህርቲ ሙያ መምሃራን ኣብ ትምህርቲ ሙያ፡ ካንቶናዊ ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ ሙያ www.sbbk.ch

**ሕጊ፡**

ካንቶናዊያን ቤት ፍርድታት። ኣብ www.swissuniversities.ch ሊሳት ናይ እተን ዝምልከተን ቤት ጽሕፈታት መዳያት ቤት ፍርዲ ይርከብ እዩ።

**ቴክኒክ፡**

ከከም ካንቶኑ እዘን ሙያታት ኣርኪተክቸርን ኢንጂኔሪንግን ዝተሰርዓ እየን። ሓበሬታ ኣብ www.swissuniversities.ch ክርከብ ይከኣል። ሙያ ናይ ገኦማቲክ ኢንጂኔርነት ኣብ መመዝገቢ - ጌኦማቲክ ክምዝገብ ኣለዎ። ሓበሬታ ኣብ www.cadastre.ch

**ቁጠባ፡**

ተቐበልቲ ኣጋይሽ፡ ካንቶናዊ ቤት ጽሕፈት ስራሕ፣ ኣብዚ ሓደ ትካል ተቐባል ኣጋይሽ ክምዝገብ ኣለዎ፡ www.ch.ch
ተቖጻጸርቲ፣ ፈላጣት ቁጽጽር፡ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ተቖጻጸርቲ ቁጽጽር RAB: www.rab-asr.ch

**ማሕበራዊ ስራሕ፡**

ንሙያ ማሕበራዊ ስራሕ ሓላፍነት ዘለዎ ሃገራዊ ሰክረተሪ ትምህርቲ፣ መጽናዕትን ፈጠራን እዩ SBFI: www.sbfi.admin.ch

**ነፍሰ ወናንነት፡**

ካንቶናዊ ቤት ጽሕፈት ስራሕ www.ch.ch